# መደብ ብጋህዲ ካብ ኤርትራ ወጻኢ ቍ. 4

## <u>ኵነታት ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ካብ ጸብጻብ መሳርሕትና</u>

### ኣወሃሃድን ኣቕራብን (ቀለታ ኪዳነ) 26/08/206

ቅድሚ ሓያሎይ ዓመታት ንሓደ ዓቕሚ ዘለዎ ምሁር ኤረትራዊ እዚ ኵሉ መሰናኽል ኣብ ሃገርና ከጋጥም እናርኣየ ስለምንታይ ኣብ ጕዳይ ፖለቲካ ሃገርና ከም ዘይነጥፍ ኣብ ዘዘራረብናሉ ጊዜ ከምዚ ክብል መግለጺ ሂቡ ከም ዝነበረ እዝከረኒ። <u>ኣብ ኤርትራውያን ዝካየድ ፖለቲካ ኣብ ዓለም ዘየሎ ፍሉይ ኢዩ። ንመንግስቲ ዝድግፍ ሓቂ እንተተዛረብካ ብተቓወምቲ ትጽረፍ ትድፈር ስምካ የጸልሙ። ንመንግስቲ ዝነቅፍ ርእይቶ እንተቕረብካ ከኣ ወያነ ትግራዋይ ኣምሓራይ ናይ ጸላኢ መሳርሒ ከዳዕ ትጽዋዕ። ኤርትራውያን ረርእይቶና ወኒንና ተጸዋዊርና ክንመያየጥን ተኸኣኢልናን ተኸባቢርናን ጸገምና ኣለሊና መፍትሒ ክንረኽበሉን ዝተዓደልና ሰባት ኣይኮናን። ስለዚ ኣብ ጕዳይ ፖለቲካ ክንነጥፍ እንተኾይኑ ኣቐዲምና እቲ ፍልይ ዝበለ ጠባይናን ስእነት ዓቕልናን ዘይምክብባርናን ካብ ምንታይ ከም ዝነቅል ኣጽኒዕና መፍትሒ ክንረኽበሉ ኣሎና። ብሓጺሩ ኵነታትና ኣቐዲምካ ብምጽናዕ ክንፍወስ ኣሎና ። ካብኡ ዝተረፈ ግን ትኣኪብና ብዝያዳ ክንብኣስን ክንጸራረፍን ክንቀያየምን እንተዘይኰይኑ ትኣኪብና ፍታሕ ክንረክብ ኣይንኽእልን ኢና</u> ብማለት ዝሃቦ መግለጺ ሎሚ ክዝክሮ ከሎኹ ሓቂ ከም ዝነበሮ ኣረጋግጽ።




ከም ዝፍለጥ ኣብ ዓለም ኵሉ ዘዝምልከቶን ዓዓቕሙን ስራሕ ክሰርሕዩ ዝግባእ። መንግስቲ የመሓድር ይመርሕ፡ መምህር ይምህር፡ ፖሊስ ሕጊ የኽብር፡ ፈራዳይ ይዳኒ፡ ጓሳ ይጓሲ፡ ሓረስታይ ይሓርስ፡ ፖለቲከኛታት ከኣ ንሃገርን ንህዝብን ዝጠቕም ሓሳባትን ሕንጻጻትን ብምውጻእ ሃገር ብሰላምን ብሓድነትን ከም ትምዕብል ይገብሩ ወዘተ። ብኸምዚ ሰብ በብሞያኡ ዝሰርሓላ ሃገር ከኣ ትምዕብል እምበር ኣይትዳኸምን። ከምዚ ንርእዮን ንዕዘቦን ዘሎና ናይ ሃገርና ኵነታት ግን ክእክበናን ከቀራርበናን ዝኽእል መጠርነፊ ተሳኢኑዎ እቲ ፍልልይና እናገፍሔ እምበር እናጸበበ ይኸይድ ኣየሎን። ብዝያዳ ንጕዳይ ፖለቲካዊ ሃገርና ከኣ በዚ ይኹን በቲ እቶም ክጥርንፉን ከሰማምዑን ዝኽእሉ ለባማት ዝበሃሉ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ስቕ መሪጾም እቶም ጸረ ህዝብን ተጻረፍትን ንሕና ኢና ንፈልጥ ወይ ንዓና ጥራሕ ስምዑና ምሳና ወግኑ ወይ ከኣ ደቂ ሃገር ኣይኮንኩምን ክብሉ ይርኣዩን ይስምዑን ኣለዉ።

ኣብ ፓል ቶካትን ፈይስ ቡካትን ኢንተርነታትን ብዙሕ ስለዝዛረቡን ዝጭድሩን ንርእሶም ከም ዓበይቲ ፖለቲከኛታት ዝቖጽሩ በዚሖምና ምህላዎም ከኣ ብዙሕ ጭብጢ ዝሓትት ኣይኮነን። <u>እዚ ግን ብርእይቶና ስቕ ኢልካ ካብ ባዶ ዝተበገሰ ዘይኮነ እቲ መንግስቲ ኮነ እቶም ፖለቲከኛታት ዝበሃሉ ውድባት ኮነ ምንቅስቓሳት ስለዝሓመቑን ስለ ዝማህመኑን ካብ ህዝቢ ስለዝተነጸሉን ስለዝረሓቑን ስርሖም ስለዝገደፉን እሞ ነቲ ህዝቢ ነዞም ሕማቓት ሃገራዊ ኮነ ኤርትራዊ ኒሕን ሓቦን ዘይብሎም ልሕሉሓት ደቂ ሃገር ኣሕሊፎም ስለዝሃቡዎን ጥራሕ ኢዩ። እቶም ክዛረቡን ክዋስኡን ክመርሑን ዝግብኦም እንተዝቕልቀሉ ከኣ እቶም ኣብ ዘይስርሖም ኣትዮም ዝጽይቑ ዘለዉ ኣይምተቐልቀሉን። እቲ ቀንዲ ግን ክሳብ ሎሚ ከኣ መንግስትን ህዝብን ዝራኸቡሉን ዝመያየጡሉን ባይታ ዘይምፍጣሩ ኢዩ። ሃገርና መንግስታ ኣይጥዓየን ዝበሃል እንተኾይኑ ከኣ ተቓዋሚኣ እሞ ከኣ ንኽትዝክሮ እውን ዘሕፍር ኢዩ።</u>

እዚ ማለት ከምቲ ኵሉ ጊዜ ደጋጊምና ንገልጾ መንግስቲ ከም ሓላፍነት ህዝብን ሃገርን ዘለዎ መጠን ነቲ ካብኡ ተፈልዩን ርሒቑን ዘሎ ህዝቡ ብደረጃ ሃገር ዝእክበሉን ዝጥርንፈሉን መንገዲ ርክብ ንኸህሉ ሃሰስ ክብል ኣይተራእየን ጥራሕ ዘይኮነ ናይ ከምኡ ልምዲ ከም ዘይብሉ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ዝተኸወለ ኣይኮነን። እቶም ንኸምዚ ዝኣመሰለ ዓበይቲ ጕዳያት ሃገር ክዛረቡን ክሰርሑሉን ዝግብኦም ደቂ ሃገር ከኣ ስቕ ኢሎም ይርእዩን ይሰምዑን ስለዘለዉ ናይ እንታይ ገደሰኒ ባህሊ እናተለምደን ዝገበሩኻ ኰንካ ምኻድ ጥራሕ እናተራዕመን ይኸይድ ኣሎ።

ከምቲ ኵሉ ጊዜ ደጋጊምና ንገልጾ መንግስቲ ክሳብ እታ ዘሎ ነቶም ዝኣምኑዎን ሓቕኻ ዝብሉዎን ዋላ ዓሰርተ ሰባት ጥራሕ ሒዙ ክጕዓዝ ዘይኮነ ኵሎም ተቓወምቲ ኮነ ምስኡ ዘይሰማምዑ ሃገራውያን ከይተረፈ ከም ደቂ ሃገር ከቕርቦምን ክእክቦምን ክኽእል ኣለዎ። እቶም ፖለቲከኛታት ኢና ዝብሉ ተቓወምቱ ደቂ ሃገር ከኣ ብዘይካቲ ኣጋጢሙዎም ዘሎ ናይ ዘይምትእምማን ጸገም ፡ ስምምዕን ልዝብን ከሊኡዎም ብዘይካ ምጽራፍን ነንሓድሕድካ ምብላዕን ሃገራዊ ኮነ

ኤርትራዊ ሕልናን ኒሕን ክውንኑን ሃገራዊ ፍታሕ ክደልዩን ክረኽቡን ኣይበቕዑን። በዚ ከኣ ብርእይቶና ሃገርናን ህዝብናን ብኽልቲኡ ወገን ዓቢ ክሳራ ኣጋጢሙዎም ኣሎ ዝብል እምነት ኣሎና።

ኣብ ዝኾነት ሃገር መንግስቲ ክጋገ ከሎ ተቓዋሚ ኣካልዩ ዝእርሞን ኣብ ህዝቢ ዘቃልዖን። ካብ ሃገርና ወጻኢ ኣብ ምሉእ ዓለም ተሰዲዱ ዘሎ ቍጽሪ ኤርትራውያን እውን ሒደት ኣይኮነን። ንመንግስቲ ዝሓምን ዝወቅስን ዝኸስስን እንተዘይኰይኑ ከኣ ኣነ ካብኡ እሓይሽ ኢሉ ዝቐረበን ብህዝቢ ተቐባልነትን እምነትን ዝረኸበ ተቓዋሚ ኣይተፈጥረን። ዉፉይ ሃገራዊ ዝኾነ ተቓዋሚ እንተዝህሉ ግን መንግስቲ እውን ሕቶ ህዝቡ ክሰምዕን ክምልስን ምተገደደ ነሩ። መንግስቲ ኤርትራ ግን ዝረብሕ ሀገራዊ ዝኾነ ተቓዋሚ ኣካል ብዘይምህላዉ ከም ዝሕጕስን ዝቐስንን እምበር ስኽፍታ ከም ዘይሓድሮ ሓደ ሓደ ጊዜ በጨቕ ይብሎ ኢዩ። ከም ሓቂ ግን ከምቲ ንገጽካ ክትርኢ መስትያት ዘድሊ ንስራሕካ ጽፈት ከም ዘለዎ ከተረጋግጽ ከኣ ዉፉይ ቅኑዕ ሃገራዊ ዝኾነ ተቓዋሚ የድልየካ ኢዩ።

ዕድልና ኰይኑ ዉፉይ ህዝባዊ ሓልዮት ዘለዎ ተቓዋሚ ኣይተረኽበን። እዚ ከኣ ንሃገርን ህዝብን ዓቢ ክሳራ ኢዩ። ህዝብና ቅኑዓትን ግሉጽነትን ሓልዮትን ህዝቢ ዘለዎም ንህዝቢ እንታይ ጌጋ ገርና ሓብሩና ንገሩና ዝብሉ መራሕቲ ስኢኑ ነዚ ኩሉ ኣጋጢሙዎ ዘሎ ሕሰም ርዒሙ ኣስቂጡ ምኻዱ ከኣ ካልእ ምርጫ ከም ዘለዎ ክመርሑዎን ከእምኑዎን ዝኽእሉ ብቑዓት ዉፉያት መራሕቲ ተቓውሞ ብምስኣኑ ኢዩ። ነዚ ከኣ ብዘይቀልዓለም ኣብ እዋኑ ዝኽሰሱሉን ብግልጺ ዝውቀሱሉን ሰባት ክህልዉ ምኺኖም ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ኣብ ናይ ሎሚ ጕዳይና ክንኣቱ እዚ መደብ ብጋህዲ ካብ ኤርትራ ወጻኢ ዝብል ፕሮግራም ካብ ንጅምር ሓጺር እዋን'ኳ እንተኾነ ዝበጽሓና ዘሎ መልእኽትታትን ሕቶታትን ብዙሕ ኢዩ። ስለዝኾነ ከኣ ንሎሚ ካብቲ መልሲ ክንህበሉ ኣገዳሲ ዝኾነን ዝግብኣናን ብዝሕ ዝበሉ ሰባት ንዘቕረቡልና ሕቶ ጸሚቝና ከነኣንግድ ክንፍትን ኢና።

**ሕቶ**፡ እቲ ክጽሕፍ ንርእዮን ክዛረብ ንሰምዖን ሓደ ሰብ ክነሱ ንሕና ክትብሉ ትስምዑ። ንስኹም መን ኢኹም? ክንደይ ኢኹም? ዕላማኹምከ እንታዩ?

**መልሲ** ንሕና ኣብ ንህዝብና ምምሃርን ሓበሬታ ምሃብን ንነጥፍ ውሑዳት ሰባት ኢና። ቍጽርና ብዘየገድስ ከኣ ትሓባቢርና በብወገንና ሓበሬታት እናኣከብና ንመያየጠሉ እሞ ንህዝብና ጠቓሚ ኰይኑ ዝርኣየና ጕዳይ ጸሚቝና ብምጽሓፍ ብመንገዲ መስከረም ዶት ኔትን ዩ ቲዩብን (Meskerem.net and Youtube.com) ብኢንተርነት ንህዝቢ ንዝርግሕ። እቲ ነትሓላልፎ መልእኽትታት ኮነ ጽሑፋት ከኣ ነቶም ዝደልዩዎን ዝከታተሉዎን ዝናፍቑዎን እምበር ነቶም ዘይደልዩዎ ኣይኮነን። እቲ ብቐጻሊ ነቕርቦ መልእኽትታት ክሳብ ክንደይ ህዝቢ ከም ዝደልዮን ዝከታተሎን ስለንፈልጥ እምበር ስራሕ ስለዝሰኣንና መሕለፍ ጊዜ ክኾነና ኣይኮነን።

**ሕቶ**. ናይ ፖለቲካ እምነትኩም እንታዩ? ብዛዕባ እዚ ሎሚ ኣብ ኤርትራ ዝመረጾ ዘይብሉ ኣብ ስልጣን ተቐሚጡ ሃገር ዘጥፍእ ዘሎ መንግትኹምየ ዝብል ስርዓት ዘሎኩም ርእይቶኸ እንታዩ? ናይ ኤርትራ ናይ መጻኢ ራኢኹምከ ከመይ ይመስል?

**መልሲ**፡ ብዘይካ ድሕነትን ሓድነትን ህዝብናን ምዕባለ ሃገርናን ካልእ ዝኾነ ይኹን ናይ ፖለቲካ እምነት ወይ ጸግዒ የብልናን። ብዛዕባ መንግስቲ ኤርትራ ዘሎና ርእይቶ ከኣ እቲ መንግስቲ ሽሕኳ ብህዝቢ ዝተመርጸ እንተዘይኮነ መንግስቲ ኤርትራ ኣይኮነን ዝብል እምነት የብልናን። ንሃገርን ንናጽነትን ተጋዲሉ ዓወትን ናጽነትን ሒዙ ዝኣተወ ምኺኑ ስለንፈልጥ ከኣ መተካእታ ከይረኸብናሉ ንዕኡ ኣጥፊእና ከምቲ ናይ ካልኦት ሃገራት ብዘይ መንግስትን ብዘይ ሃገርን ክንተርፍ ኣይንደልን።

ዅላትና ደቂ ሃገር ተቓወምትና ኮነ ደገፍትና ብሓባር ቅዋማዊ መንግስቲ ንተኽለሉ መንገዲ ሃሰስ እናበልና ከኣ እቲ መንግስቲ ኤርትራ እንታይ ዓይነት ምኺኑ ብዘየገድስ ክሳብ ኣብ ሓላፍነትን ስልጣንን ዘሎ ብዝከኣሎ መጠን ፍትሔኛ ክኸውንን ንህዝቡ ብሕግን ብፍትሕን ከመሓድርን ንመኽሮን ነትሓሳስቦን ጥራሕ ዘይኮነ ብዓቕምና ክንገብሮ ዝግብኣና እውን ክንገብር ኢና።

**ሕቶ፡** ሎሚ ኤርትራውያን ተቓወምትን ደገፍትን ተፈላሊና ኢና። ንሽኹም ግን ሓደ መዓልቲ ትድግፉ ካልኣይ መዓልቲ ከኣ ሓልዮት ህዝቢ ዝመስል ናይ ተቓውሞ ርእይቶታት ተቕርቡ። መርገጽኩም እንታዩ? ዝተደናገርኩም ስለ ትመስሉ ደገፍቲ ዲኹም ተቓወምቲ? መርገጽኩም ኣነጽሩዎ።

**መልሲ፡** ንሕና ካብቶም ንሕና ንሱ ንሱ እውን ንሕና ዝብሉን ንዝኾነ እቲ መንግስቲ ዝገብሮ ፍጹም ጌጋ የብሉን ኢሎም ካብ ዝኣምኑን ደገፍቲ ኣይኮናን። ካብቶም ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ሽፍትነትዩ ነሩ፡ ስዉኣት ኤረትራውያን ደቂ ሃገር እውን ንሽፋቱ ከገልግሉ'ዮም ተሰዊኦም ዝብሉ ጸረ ሃገሮምን ህዝቦምን ዝሰርሑን፡ ንታሪኾምን መንነቶምን ብምጽላም ናይ ጸላኢ ኣገልገልትን ተልኣኽትን ክኾኑ ዝመረጹን፡ ካብ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ስርዓት ወያነ ዝያዳ እምነት ዝነበሮም ወይ ዘለዎም ኤርትራውያን ተቓወምቲ ኢና ዝብሉን እውን ኣይኮናን።

ንሕና መንግስቲ ኮነ ተቓወምቲ ንረብሓ ሃገርናን ህዝብናን ንዝገብሩዎ ጽቡቕ ንቕበልን ንድግፍን። ብኽልቲኡ ወገን ንዝርኣየና ጌጋ ይኹን በደል ከኣ ብዘይፍርሕን ብዘይቃልዓለምን ንነቅፍን ንኹንንን ። ካብ ዝኾነ ወገን ሎሚ ኮነ ጽባሕ ዝኾነ ረብሓ ዘይንጽበ ጽሓፍቲ እምበር ፖለቲከኛታት ኣይኮናን። ስራሕና ኣረጋጊጽና ንፈልጥን ብጥንቃቐ ንሰርሓሉን እምበር ምድንጋር ዝበሃል ኣብ ጥቓና ከም ዘይቀርብ እውን ኣዳዕዲዕና ነረጋግጽ ኢና።

እዚ ሒዝናዮ ዘሎና መደብ ብጋህዲ ካብ ኤርትራ ወጻኢ ዝበሃል ከኣ ካብቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ኰይኑ መደባት ዘዳሉ ፕሮግራም መደብ ብጋህዲ ብዝያዳ ከይተሰከፈን ከይፈርሔን ሓቀኛ መደባት ዘዳሉ ኣብ ወጻኢ ሃገራት ዝርከብ መደብ ፕሮግራም ኢንተርነት ኢዩ። እዚ ኣብ ውሑስ ቦታ ኰይኑ ንእገለን እገለን ኢሉ ከይፈላለየ መንግስቲ ንዘርእዮ ጌጋታት ንኽእርም ብግልጺ ዝሕብርን ዝወቅስን ከምኡ'ውን ተቓወምቲ ውድባት ኮነ ምንቅስቓሳት ንዘርእዩዎ ጌጋታትን በደላትን እውን ብዘይ ንሕስያ ዘቃልዕን ዝወቅስን ዘይጸግዓዊ ንእሽቶ ትካል ኢዩ።

ካብ ንጅምሮ ብዙሕ ጊዜ ኣይገበረን። ድሮ ግን እቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘሎ መደብ ብጋህዲ ዝኾነ ናይ ተለቭዥን ፕሮግራም ''መደብና ብዘይ ፍቓድና ወሲዶምልና'' ኢሉ የዕዘምዝም ከም ዘሎ በጺሑና ኣሎ። ብወገንና ከኣ ንምሕጋዙ እምበር መደባቱ ንምስራቕን ንስራሑ ንምዕንቃፍን ከም ዘይኮነ ነረጋግጸሉ። ይኹን እምበር ንሱ ዓቕሙ ድሩት ስለዝኾነ እቲ ቀንዲ ናትና ስራሕ ነቲ ንሱ ክበጽሖ ወይ ክዓሞ ዘይክእል ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ዝኾነ ዕማም ንምሽፋን ኢዩ።

ተለቭዥን ኤርትራ መደብ ብጋህዲ ከኣ ንዕኡ ብምሕጋዝና ክሕጐስን ክተባባዕን እምበር ''ከምቲ ባርያስ ሓጋዚኣ ጸልኤት'' ዝበሃል ቅሬታ ክስምዖም ኣይግባእን ዝብል እምነት ኣሎና። ዘኾርዮም እንተኾይኑ ግን እቲ ዘድልየና መልእኽትና ንምትሕልላፍ ጥራሕ ስለዝኾነ ስምና እንተቐየርና እውን ጸገም የብሉን። ብዝኾነ ግን ነቲ ኵነታት ብቐረባ ንምጽናዕን ህሉው ኵነታት ሃገርናን ህዝብናን ብደቂቕ ንምክትታልን ሓደ መሳርሕትና ንሃገርና ገሹ ኵነታት ርእዩን ትዓዚቡን ተመሊሱ ኣሎ። ነቶም ኣብ ውሽጢ ሃገር ንመደብ ብጋህዲ ዘዳልዉ ጋዜጠኛታት ክረኽቦምን ከዘራርቦምን ዝሃብናዮ ለበዋ ግን ብዝተፈላልየ ኣብኡ ዘጋጠሞ ኵነታት ኣየተግበሮን።

ንእግረ መንገዱ ግን ነታ ክርእያ ዝምነ ዝነበረ መናገሻ ፕረሲደንት ኢሳያስ ዝኾነት ''ዓዲ ሃሎ'' በጺሑ ንፕረሲደንትና እውን ኣብኡ ብቐረባ ከም ዝረኸቦ ኣረጋጊጹልና ኣሎ። ከም ገምጋሙ ከኣ ፕረሰደንት ኢሳያስ ከምቲ ዝብሉዎ ''ሕማም የብሉ ጽማም'' ከምቲ ጸላእቱ ዝጽበዩዎ ዝነበሩ ዘይኮነ ናይ ኣምላኽ ነገር ሰብ ምዓስ ብምንታይ ከም ዝመውት ድኣ ኣይፍለጥን ኢዩምበር ናይ ሕማም ኮነ ድኻም ምልክት ከም ዘይርኣየሉን ዲጉዲጉ ክብል ከም ዝተዓዘቦን ነቶም ምዓስኮን ይመውት እሞ ንሃገር ክንኣቱ ኢሎም ዝጽበዩ ዘለዉ ጸየቕቲ ከሓጉሶም ዘይክእል ሕማቕ ወረ ሒዙ ተመሊሱ ኣሎ።

ከም ሓበሬታኡ ንፕረሲደንት ኢሳያስ ንምርካብ ንዓዲ ሓሎ ዝገይሽ ሰብ ሒደት ኣይኮነን። ከምቲ ዝርኤ ዘሎ ከኣ ሎሚ ርእሲ ከተማ ኤርትራ ኣስመራ ዘይኮነትስ ዓዲ ሃሎ ኰይና ኣላ። እቲ ዝበዝሕ ዝጸበቦን ጥርዓን ዘለዎን ከኣ ንፕረሲደንት ንምርካብ ንዓዲ ሃሎ ክኸይድ ኣለዎ። ፕረሲደንት ከኣ ኣብቲ ናይ ዓዲ ሃሎ ቤት ጽሕፈቱ ተቐቢሉ ንጉዳዩ ሰሚዑን ርእዩን መርሚሩን መልሲ ዝህቦ ኣይኮነን። እቲ ዝብሃል ኣዝዩ ኣገራሚ ኢዩ። ከምቲ ቀደም ኣብ እዋን ንጉስ ሃይለስላሰ ክሓልፉ ከለዉ ኣብ ቅድሚ መኪናኦም ተደፊእካ ''ኣቤት ኣቤት ፍትሒ ጐደለ ድኻ ተበደለ'' ዝበሃል ዝነበረ ኣብዚ እውን ልክዕ ከምኡ ምናልባት ዕድል ረኺብካ ጠጠው ኢሉ ክሓተካ እንተዘይኮይኑ ኣብ ጽርግያ ጠጠው ብምባልን ክሓልፍ ከሎ ኢድ ብምንሳእን ጥራሕ ኢኻ ዕድልካ ትርኢ ክብል ዝተዓዘበ ኣገራሚ ኵነታት ገሊጹልና ኣሎ።

እቲ ካልእ ፍልልዩ ግን ንጉስ ሃይለስላሰ ንጥርዓንካ ምስ ተቐበለ ባዕሉ በቶም ኣመሓደርቲ ገሩ ንጕዳይካ ናብቲ ዝምልከቶ ብዓል ስልጣን ብትእዛዝ ኣትሓላሊፉ መርመራታት ብምክያድ ብዙሓት ሰባት ፍትሒ ይረኽቡ ምንባሮም ፍሉጥ ኢዩ። ፕረሲደንት ኢሳያስ ግን ዝበዝሕ እዋን ንሰብ ጕዳይ ናብቲ ዝምልከቶ ቤት ጽሕፈታት ክምለሱን ንጕዳዮም ኣብኡ ክፈትሑን እምበር ነቲ ናብኡ ዝቐርብ ጕዳያት ብታሕጓስን ብጽቡቕ መንፈስን ከም ዘይቕበሎ እቶም ብዙሕ ጊዜ ዝተመላለሱን ነቲ ኣገባብ ኣሰራርሓ ፕረሲደንት ዝፈልጡን ከም ዘዕለሉዎ እውን ሓቢሩና ኣሎ።

ካብኡ ሓሊፉ እቲ ንዓዲ ሃሎ ምምልላስ ፕረሲደንት መዓልታዊ ምኺኑን እቲ ንሱ ዝኣትዎን ዝውዕሎን ኣብ ውሽጢ ብምኺኑ እሞ ህዝቢ ክኣትዎ ክልኩል ስለዝኾነ ግን ኣብቲ ውሽጢ ዲጋ እንታይ ክሰርሕ ከም ዝውዕል ክፍለጥ ከም ዘይከኣል እውን ሓቢሩና ኣሎ።

ሎሚ ዲጋ ዓዲ ሃሎ ተወዲኣ ፕረሲደንት ኢሳያስ ኣብ ጋሕቴላይ ሓድሽ ናይ ዲጋ ምስራሕ ፕሮጀክት ጀሚሩ ምህላዉ ከም ዝሰምዔን ቤት ጽሕፈቱ ካብ ዓዲ ሃሎ ንጋሕቴላይ ከየተቐየረ ከም ዘይተርፍን እውን ወረ ረኺቡ ኣሎ። ፕረሲደንት ኢሳያስ ስለምንታይ ኣንጊሁ መዓልታዊ ንዓዲ ሃሎ ይገይሽ ምኽንያቱ ስለዘይንፈልጦ ብዛዕባኡ ብዙሕ ክንዛረብ ኣይንኽእልን ኢና። ሓደ መራሒ ሃገር ኣብ ክንዲ ኣብ ቤት ጽሕፈቱ ኰይኑ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ሃገርን ህዝብን ዝከታተል መዕልታዊ ኣብ ሓደ ዲጋ ወይ ፕሮጀክት ከም መሃንድስ ተጸሚዱ ዝውዕል እንተኾይኑ ግን ወዮ ግዳ ኵሉ ንሱ ዝገበሮን ዝወሰኖን ጽቡቕ ኢዩምበር ገለ ዘይንቡር ኵነታትን ኣሰራርሓ መንግስቲ ምሃልዉስ ዘጠራጥር ኣይኮነን ዝብል ርእይትኡ ካብ ምሃብ እውን ኣይተቖጠበን።

ብዛዕባ ኵነታት ህዝብን መነባብሮኡን ክገልጽ ከሎ መሳርሕትና በቲ ኣምላኽ ዝባረኾን ርግኣት ዝሃቦን ህዝቢ ኤርትራ ብኸመይ ከም ዝነብር ኣዝዩ ከም ዝተገረመ ይሕብር። ህዝቢ ኤርትራ በቲ ምምሕዳር ሕጉስ ከም ዘይኮነን ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ቅሬታ ከም ዘለዎን ንጹር ረኺበዮ ይብል። ንሃገሩን ንኤርትራውነቱን ዘለዎ ፍቕርን ሓልዮትን ግን ምስቲ ታሪኽን ዝኸፈሎ መስዋእትን'ዩ ዘትሓሕዞ። ስለዝኾነ ከኣ ከምቲ ናይ ኢትዮጵያ ንፍሉያት ዓሌት ወይ ብሔር ዘይኮነ ጽልኡ ኣብ ልዕሊ እቶም ናይ ትማሊ ተጋደልትን ናይ ሎሚ መራሕትን ኢዩ። እዚ ከኣ ፈትዩ ዘይኮነ ነቲ መንግስቲ ቅሩብ መእተዊ ትኽውን ኣብ ህዝቡ ዘለዎ ተስፋን ምትብባዕን ክህብ ዝኽእል ድምጹ ዘስምዓሉ ንእሽቶ መተንፈሲ ስለዝሰኣነ ጥራሕ ኢዩ እውን ይብል።

እቲ ህዝቢ ብሕልፊ እቲ ብናይ ኣገልግሎት ደሞዝ ዝካየድ ዝበሃል ኣይኮነንዶ ክነብርሲ ንሓደ መዓልቲ ክውዕል ወይ ክሓድር እውን ኣይምተገብኦን። ጸገምን ስእነትን የሎን ማለት ኣይኮነን። ግናኸ ኩሉ ይነብር።

ኣብ ህዝቢ ብዛዕባ ጥሜት ብዙሕ ጸገምን ጭንቅን ትርእየሉ ኵነታት ኣየጋጥመካን። ከም ኣበሃህላኡ ኣብታ ሃገር ካብ ጥሜት መግብን መስተን ጥሜት ሕግን ፍትሕን ከም ዝዓቢ እውን ኣይሓብኤን። ከምቲ ቅድሚ ገለ ዓመታት ዝነበሮ ብዙሓት ጻዕዳ ተኸዲነን <u>''ካብ ሕሰም ድሓን ዝወደይ ከምዚ ጸገም ኣሎኒ''</u> ኢለን ዝልምና ኣዴታት እውን ሎሚ ዓመት ብብዝሒ ኣየጋጠማንን ይብል። ኣብታ ሃገር ብዙሕ ቢዝነሳት ኣሎ። ዋላ ኣብቲ ዘይርሃጽካሉን ዘይግብኣካን ገንዘብ ትረኽበሉ ኵነታት ምእታውን ንዝቐረበ ይኹን ንዝረሓቐ ቤተሰብካ ከይተረፈ ምትላልን ምድንጋርን እውን ሎሚ እቲ መጸውዒ ሽሙ <u>''ቢዝነስ''</u> ኢዩ ክብል ይገልጾ። እዚ ቢዝነስ እዚ ከኣ እቲ ሚእቲ ካብ ሚእቲ ኣብታ ሃገር ብቕጽበት ዝዓቢን ዝውንጨፍን ዘሎ ምኺኑ ይሕብር።

ኣብ ጐደና ናይ ቀደም ትፈልጦ መትዓብይትኻ ወይ ዓርክኻ ክትረክብ ዘይሕሰብ ኢዩ። ሓደ ክልተ እንተረኸብካዮም እውን በቲ ኣብ ኣካላቶም ወሪዱ ትርእዮ ድኻምን ሕሰምን እርጋንን ከተለልዮም ኣይትኽእልን ኢኻ ይብል። እቶም መሳቱና ኵሎም ኣስናኖም ዝተወድኤን ብመራኸትስ ዝኸዱን ኢዮም ኰይኖም ጸኒሖምኒ ብማለት ይገልጾም።

ኣስመራ ቀደም ንዝፈልጣ እሞ ንሓይሎይ ዓመታት ዘይርኣያ ሎሚ ከለልያ ኣጸጋሚ ኢዩ። ህንጻታት ኮነ መንገድታታ <u>''ኣንታ በጃኻባ ገለ ግበር ስቕ ኢልካ ኣይትርኣየኒ''</u> ኢሉ ዝልምነካን ዝሓተካን'ዩ ዝመስል። ብዘይካታ ሓንቲ ኮምብሽታቶ መኪና ከም ተመን እናተጠዋወየትን መንገዲ ሰብ (ማርሻቤዲ) እናሓኾረትን እንተዘይከይዳ ምሓውራ ተፈላልዩ ንጽባሒቱ ክትወፍር ኣይትኽእልን ኢያ ይብል። ጽርግያታት ኣስመራ ኵሉ ኣብ ማእከሉ ጉብጥሻት ተሰሪሑዎ'ሎ ክብል ይገልጽ። ካብ ጽርግያታት ኣስመራ ጽርግያ ኣስመራ ዓዲ ሃሎ ከም ዝጸፍፍን ዝጸርን እውን የረጋግጽ።

ኣብ ታሪኽ ዓለምና ኣብ ከተማ ገዛ ከይስራሕ ወይ ከይዕረ ዝእዝዝ መንግስቲ ኣብ ኤርትራ ጥራሕዩ ይብል። ነታ ርእሲ ከተማና ኣስመራ ሎሚ ክትርእያ ከሎኻ ምዓንጣኻ ሕርር ኢሉ ንብዓት ይመጸካ። እቲ ኣዝዩ ዝገርም ግን እቲ ቀደም ዝፈልጣ መብዛሕትኡ ስለዝተሰደ ወይ ዝሞተ እቲ ሎሚ ኣብኣ ዘሎ ህዝቢ ነቲ ጽምኢ ማይ ኮነ ጸልማት ከምኡ'ውን ካልእ ጸገማት እታ ሃገር ናተይ ኢሉ ተቐቢሉዎ ክኸይድ ትርኢ። ናይ ሰብሲ ገለ ሓጥያት ይህልዎ ይኸውን ንበል። እታ ከተማኸ ኣብ ምንታይ ሓጥያት ውዒላያ ተቐጺዓ? ከኣ ብጣዕሚ ካብ ዘገረሞ ነገራት ሓደ ኢዩ። እቲ ኣዝዩ ዘተሓሳስቦ ግን ነቲ ኾነታት እታ ከተማ ምናልባት ፕረሲደንት ኢሳያስ ኣይርኣዮን ኣይተዛወሮን ይኸውን እምበር ከምቲ ናይ ዓዲ ሃሎ መዓረዮ። እቶም ካልኦት ሰበስልጣንከ ከተማናስ ኣኽፊኣ ተበላሽያ ኢሎም ክሕብሩዎ ምድፋር ዝስእኑስ እንታይ ኰይኖም ኢዮም ኣይርድኣንን ኢዩ ክብል እውን ብኣንክሮት ይገልጾ።

ኾነታት ገንዘብን ባንክን ኣብ ህዝቢ ፈጢሩዎ ዘሎ ጸገማት ኣይተመሓየሸን። እቲ ገንዘብ ብኸመይ ካበይ ይመጽእ ግን ገንዘብ ካብ ጁባ ናብ ጁባ ክሰጋገር ምርኣይ ልሙድ ኢዩ። ከም ትዕዝብቱ ኣብቲ መንግስቲ ብዙሓት ክኢላታትን ንጹሃትን ሰራሕተኛታትን ኣለዉ። እቲ ጸገም ግን እቲ መንግስቲ ነቲ ኣብ ላዕሊ ዘቐምጦ ብዓል ስልጣን ብእምነቱ እምበር ብብቕዓቱ ስለዘይኮነ ኣብቲ ስራሕ ናይ እንታይ ገደሰኒ ከም ዘሎ ብግልጺ ይርኣየካ'ዩ ክብል ኣይሓብኤን።

እቲ ኣጸቢቑ ዘረጋግጾ ግን ኣብ ሃገርና ሎሚ እኹል ገንዘብ ወይ ስልጣን እንተልዩካ ክትገብሮ ዘይግብኣካ ወይ ሕጊ ዝኽልክለካ ነገር ከም ዘየሎ ኢዩ። ዓዲ ብሰለይትን ዘይፍለጡ ባንዳ ብጨርቁን ተወሪሳ እቲ ዝበዝሕ ኣብቲ ሃገር ዘሎን ገንዘብ ዝርከቦን ስራሕ ስለያ ምዃኑ ከም ዘረጋግጸ እውን ኣይሓብኤን። ጉቦ ዳርጋ ንወያነ ድኣ ኣየርከብናዮምን እምበር ነቲ ዝነበረ ግዝኣት ኣምሓራስ ሓሊፍናዮ ኢና ይብል። ተዛሪቦም ከዛርቡኻ'ሞ መእተው ገዛ ክገብሩኻ ድዮም ወይሲ ዝመጸ ይምጻእ ኢሎም ተወዲኡዎም ነቲ መንግስቲ ዝጸረፉን ዘማርሩን ዓው ኢሎም ዝራገሙን ሰባት ኣብ ዝእቶኻዮ ገዛ ኮነ ጽርግያ ትረክብ። እቶም ተባሂሉ ተደጊሙ ዝብሉ ሰለይቲ እውን ኣብ ኵሉ ኣብ ገዛ ገዛ ከይተረረፈ ተዘርዮም ከም ዘለዉ'ዩ ዝዕለል። እቶም ከይተሰከፉ ክጻረፉ ዝስምዑ ሰባት ግን ናይ ጥዕና ከይመስለካ ኢሎም ዝመኽሩኻን ዝሕብሩኻን ቤተሰብ ወይ ኣዕሩኽ ክትረክብ ከኣ ኣገዳሲ ኢዩ ይብሎ።

ሕትኖኡ ጓል ስሳ ዓመት ኢየን። ኣብዚ ስራሕ ስለያ ተዋፊረን ከም ዝረኸበን ግን ካብቲ ኣዝዩ ዘገረሞ ነገር ነሩ። ጓል ስሳ ዓመትሲ እንታይሞ ክፈልጣን ክስልያን ኢየን ንዝብል ሕቶና ከኣ ብዘይካ እገለ ከምዚ ኢሉ እገሊት ከምዚ ሓምያ ኢልካ ነንሓድሕድካ ምክሳስን ኣሕሊፍካ ምውህሃብን እንተዘይኮይኑ ኣብ ሃገርና ካልእ ኣብ ውሽጢ ሃገር እንታይ ረቋቕ ናይ ስለያ ስራሕ ዘድሊ ኰይኑ፡ ብማለት እቲ ናይ ሓበሬታ ምቕባል ስራሕ ከቢድ ከም ዘይኮነ ይገልጽ። ህዝቢ ክሳብ ክንደይ በቶም ሰበስልጣን ተማሪሩ ከም ዘሎ ግን ሓደ ብዓል ስልጣን ዝነበረ ተጋዳላይ መይቱ መርድእ ዝሰምዓ ኣደ እንታይ'ሞ ኵሎም ብሓንሳብ ጽርግ ኢሎም ከይከዱ እንዶ በብሓደ ኰይኖም ዝሞቱ ዘለዉ። ንኽንደይ ዓመታት ክንጽበ ኢና? ከም ዝበላ ብእዝኑ ከም ዝሰምዔን የዘንቱ።

እቲ መንግስቲ እታ ቀንዲ ልዕሊ ኩሉ ዝሕልዋን ዝጥንቀቐላን ዘሎ ነቲ ህዝቢ ቀጥ ኣቢልካ ፍኒሕኒሕ ከም ዘይብል እናተቈጻጸርካ ስልጣንካ ምሕላው ጥራሕ ምዃና ሕብእብእ ዘለዎ ጉዳይ ኣይኮነን እውን ይብል። ስለዝኾነ ከኣ ዳርጋ ፍርቂ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ነንሓድሕዱ ምስላይ ተዋፊሩ ድራር ዕለቱ ዝረክብ ካብኡ ምዃኑ ምስጢር ከም ዘይኮነ ማንም ሰብ ዝፈልጦ ምዃኑ እውን ኣይከወለን። ህዝቢ ብእምነትን ብሕልናን እምበር ብምሕላው ጥራሕ ንኸሉ ጊዜ ክትቆጻጸሮ ከም ዘይከኣል ግን ሓደ መዓልቲ ንምሃር ንኸውን እውን ይብል።

እቲ ናይ ብሓቂ ንሃገርና ዝጠቕም ህዝቢ ብድሌቱ ዝተዋስኣሉ ስራሕ ስለያ ኣብ እዋን ገድሊ ብብዓል ጴጥሮስ ሰለሙን ትኣምራት ተሰሪሑዎ ኢዩ ብማለት ከኣ ስለያ ሻዕብያ ኣብ እዋን ቃልሲ ኣደናቒ ከም ዝነበረ ይዝክር።

እቲ መንግስቲ ሎሚ ህዝቢ ዝተሓባበሮ ብቑዕ ዝሰርሕ ስለያ ከም ዘይብሉ ዝተቓልዔ ከኣ ወዲ ዓሊ ታንክታቱ ኣምሪሑ ካብ ጸሮና ተበጊሱ ንፎርቶ ክሳብ ዝድይብ መንግስቲ ዋላ ሓንቲ ይፈልጥ ከም ዘይነበረን ዝኾነ ይኹን ምድላዋት ይኹን ጥንቃቐ ከም ዘይገበረን ንእግሪ መንገዱ ካብቶም ሽዑ ኣብኡ ዝወዓሉ ሰበስልጣን ከም ዘረጋገጸ እውን ሓቢሩና ኣሎ። እቲ ቀንዲ ናይ ሃገሩ ጸጥታ ዝሕሉ ህዝቢ ብምዃኑ ከኣ ህዝቢ ኤርትራ ባዕሉ ሃገሩ ይሕሉ ምህላዉ ኣይሓብኤን።

ኣብ መደምደምታ ከኣ ውሑዳት ዘይኮኑ ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስቲ ኤርትራ ኣንስቶምን ደቆምን ንወጻኢ ኣህዲሞም ስለዝኾኑ ብሕልፊ እቶም ኣብ ልዕሊ ህዝብና ገበን ዝፈጸሙ ገለ ከቢድ ነገር ምስ ዘጋጥም ካብ ምህዳም ደው ኣይክብሉን ኢዮም። እዚ ሓበሬታ እዚ ከኣ ካብቲ ህዝቢ ዝተሓብኤ ኣይኮነን። እቲ ሃገር ዝገደፈ ይግደፉ እምበር ነታ ሃገር

ዝሕልዋን ዋላ ድኣ ይሕሰመና እምበር ሎሚ ነታ ወለድናን ደቅናን ዘሰዋእናላ ሃገር ክንገድፍ የብልናን ብማለት ተጻሚሙ በብዓቕሙ ዝሕልዋን ብጥንቃቐ ደው ኣቢሉዋ ዘሎን ከኣ እቲ መንግስቲ ዘይኮነ እቲ ኣብ ሃገሩን መንነቱን ዓደቡኡን ዘይዝንጋዕ ጭዋ ዝኾነ ህዝቢ ኮነ ሰራዊት ኤርትራ ባዕሉ ምዃኑ የረጋግጽ።

ብጠቕላላ ነቲ ኣብ መገሻኡ ዝርኣዮን ዘረጋገጾን ኵነታት ሃገርን መንግስትን ኤርትራ ገምጋሙ ክገልጽ ከሎ ከኣ እቲ መንግስቲ ሕቶታት ህዝቡ ሰሚዑ ኣድላዪ ለውጢ ክገብር እምበር ንጕዳይና ኵሉ ምስቲ ኣይሰላም ኣይኵናት መደብ ወያነ ከተሓሕዞ የብሉን ብሃላይ ኢዩ። እቲ ዓወትና ዝግምገም ከኣ መንግስቲ ምስ ህዝቡ ብግሉጽነት ምስ ዝሰርሕን ከም ህዝቢ መጠን መሰልና ምስ ዝኽብርን መጻኢና ምስ ንፈልጥን ሓድነትናን ውሽጣዊ ኵነታትናን መፍትሒ ምስ ዝርከቦን ጥራሕ ኢዩ ብማለት ከኣ ነቲ ዝጀመሮ ጸብጻብ ደምዲሙ'ሎ። ኣብ መጻኢ የራኽበና ሰላም ቅነ።

ዘለዓለማዊ ዝኽርን ክብርንን ነቶም በጃ ሃገር ዝሓለፉ ጀጋኑ